አድሓኖም ገብረማርያም ብሰላም ዕረፍ!

# **“ጸጸርና ንደርቢ፣ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ወፍሪ ባርነት፣ ሱር ነቀል ለውጢ”**

ወድ ሰብ ኣብ ፍሉይ መድረኽን ኣብ ፍሉይ ቦታን ዝልለየሉ ምልክታት ኣለውዎ፣ ብኡ እዩ ድማ ሕላገት ነባሪ ታሪኹ ዝዕቀንን ዝስመርን። ሰብ ” ተወልደ ሞተ” እዩ ኣብ ፍጥረቱ ዘይተርፍ ጽውዕ። ኩልና መወትቲ እና።

ንኣድሓኖም ገብረማርያም ክንዝክር ከሎና፣ አተዓባብያኡ፣ ትምህርቱ፣ ናይ ስራሕ ወይ ናይ ቃልሲ ጉዕዝኡን ከምኡውን ናይ ድሕሪ ነጻነት ሃገር ዝነበሮ ግዕዞ ህይወትን ዓበይቲ ረቋሒታት እዮም።

ኣብ ሃገረ-ሰብ ( ዓዲ፣ መረበት) ተወሊዱ ዓብዩ ፤ ማለት ኣብ ባይቶ ዓደቦን ባህልን ሎምድን እናቀሰመ ዓብዩ እዩ ዘስምዕ፤ ብፍላይ ድማ ወዲ ዳይና ዓዲ ምኳን ማለት ካብ ንእስነትካ ሕግን ስርዓትን ኣብ ገብላን ቅርዓትን ኮፍቢልካ ምምሃር ማለት’ዩ። ስለ’ዚ ክኣ እዩ አድሓኖም ኣብ ዩኒቨርሲቲ ሕጊ ዝተማህረ። መቀረት ሕገን ስርዓንት ካብ ንእስነቱ ጀሚሩ ንዓቅመኣዳምን ስብእነትን ቃልስን ፍትሕን ዘብጽሖ።

ኣብ ናይ ቃልሲ ጉዕዞኡ እቶም ናይቃልሲ መዳዕዝቱ ተረኮሞ ኣለው። ንጅግንነቱን ትብዓቱን ብዝልከት መሳቱኡ( ብማዕርግን ጽፍሕን) ገሊጾሞ እዮም። ንፍትሓውነቱን ዲሞክራሲያዊ ባህርያቱን ብዝምልከት ግን፤ድሕሪ ናጽነት ኣብ ዝተፈላለየ ቤት-ጽሕፈት ድሕሪ ምስርሑ ፤ ብፍላይ ድማ ኣብ ድሕሪ 2001 ዝርኣዮ ተውፋይነትን መርግጽን እዩ።

ንቃልሲ ሐርነት ብ”ጸጸርና ንደርቢ፣ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ወፍሪ ባርነት፣ ሱር ነቀል ለውጢ” ብዝብል ክልሰሓሳብ እዩ ጀምሚርዎ። እዚ መርገጽ”ዚ ካብቶም ምስኡ ዝተበገሱ ብዝፈልዮ አገባብ እዩ ጀሚርዎ። እዚ ከኣ መርኣያ ዕምቄትን አፍልጦኡን ኣብ ፍትሒ ዝምስክር እዩ።

አድሓኖም ዓብዩ ብድሆ ነቶም ብድሕሪኡ ዝገድፈና ደለይቲ ፍትሑ ሐዲጉሎና ሐሊፉ ኣሎ። ናቱ ጭርሖ **“ጸጸርና ንደርቢ፣ ወፍሪ ዋርሳይ ይከኣሎ ወፍሪ ባርነት፣ ሱር ነቀል ለውጢ”** ብሓቢርካ ምስራሕን፣ ስኒቲ፣ሕድገትን ንግዝኣት ሕጊ ክንቃለስ ተላብዩ ።

እቶም ብሓዊ ባርዕን ነበልባልን ዘይነደዱ ብበረድን ማይን ተሰዊኦም። አድሓኖም ካብ 1972 ክሳብ 1991 ዝነበረ ናይ ባርዕ ግዜ ዝሰረረ፣፤ዝሑል ኩናት ሐርነትን ተረፈ ሕዱር ሕማም ቃልሲ ሐርነትን ንህይወቱ ወሲድዎ። 20 ናይ ቃንዛን ብሕትውናን ዓመታት፤ ካብ ትፈትዋን ዝተቃለስካላን ሃገርካን ፤ትፈትዎን ስድራቤትን ምፍላይ ዝፈጠሮ ሳህሮትን ናፍቆትንት’ዩ። ን 50 ዓመት ዝኸደ ናይ ቃልሲ መዋእል ብዘይ ዕረፍትን ቅሳነትን።

አድሓኖም ቁሩብ ተሃዊኽካ! ነዋርሕ እንተበዝሔ ዓመት።

መንፈስካ ፍትሓዊ ሐሳብካን ኣብ ኤርትራን ተቃለስቲ ህዝባን ኣሎ።

ብሰላም ዕረፍ!!

ካሕሳይ ገብረእግዚኣብሔር ሀገረ ጀርመን